# ሰንበት ዘብርሃን 2006 ዓ.ም.

(12/29/2013)

**መዝሙር፡** አቅዲሙ ነገረ በኦሪት ከመ ይመጽእ ወልድ በስብሓት. . . . ።

**ንባባት፡** ሮሜ 15፡4-9፥ ፩ዮሓ 1፡1-ፍ፥ ግ.ሓ.26፡2-23፥ ማቴ 3፡1-12።

**ምስባክ፡** ፈኑ ብርሃነከ ወጽድቀከ፥ እማንቱ ይምርሓኒ ወይሰዳኒ ደብረ መቅደስከ፥ ወውስተ አብያቲኪ እግዚኦ። "ብርሃንካን ሓቅኻን ልአኽ ንሳተን ይምርሓኒ፥ ናብ ጽዮን ናብታ ቅድስት እምባኻን ናብታ ማኅደሪኻ ዝኾነት ቤት መቕደስን የብጽሓኒ" መዝ. 43፡3-4

ብርሃን ኣምላኽ ኣብ መገዱ ኣብ ቤተ መቕደሱ ከብጽሓና ንልምን። ኣብ ኣምላኽ ገጹ ዝወስድ መገዲ ክንሕዝ ከሎና ኣብ መገድና ብርሃን ኣሎ ከይንዕንቀፍን ከምኡ መገዲ ከይጠፍኣና ንሱ ብጸጋኡን ብርሃኑን ምሳና ኣሎ። ብርሃና ኣብሪህና ኣብ ምንጪ ብርሃን ኣምላኽ ገጽና ክንጉዓዝ ዝሕግዘና ስብከት።

**መዝሙር፡** "ወልድ ንጽዮን ቃል ተሓጓስ ኬስምዕ ከም ዝመጽእ ቀደም ብኦሪት ተናገረ፥ እንደገና ከኣ ብኣፍ ዳዊት እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ብሩኽ እዩ ተባህለ፥ ንሱ ንጻድቃን ዘብርህ ናብ ዓለም ዝመጽእ ብርሃን እዩ፥ ንዝጠፍኤ ኪረድእ ንዝተበተኑ ኪእክብ ንቤተ ክርስትያን መርዓዊኣ ኰይኑ ናብኣ መጸ" ይብል።

ካልኣይ ሶምን ናይ ምጽኣት ንጅምር ኣሎና። እዚ ሰንበት ዘብርሃን ንብሎ። ኢየሱስ ኣነ ብርሃን ዓለም እየ ይብለና። ካብ ብርሃኑ ተኻፊልና ክንርኢ ይደልየና። ሎሚ ክርኢ እደሊ ኣሎኹ እናበልና ኣብቲ ሓቀኛ ብርሃን እሞ ልብና ሕልናና ሕይወትና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንርእየሉ እንኽእል ጸጋ ክዕድለና ክንልምኖ ይግባእ። ኣብ ሕልናና ብርሃን ኣትዩ ንሓጢኣትና ክንርኢ ኣብ ጸጋ ኣምላኽ ክነብር ፍቓደኛታት እንኾነሉ ጊዜ እዩ። ኣብ ዓለም ምርኣይ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን ነቲ እትርእዮ ክትፈልጦ ጥቕሙ ክተለሊ እሞ ክፍሊ ሕይወትካ ገርካ ምንባር የድሊ።

ኣብ ሕልናና ብርሃን ክርስቶስ ክኣቱ ድሕሪ ኣፍቂድና ሰላም ሕድገት ምሕረት ክንገብር ኣይክኸብደናን እዩ። ብርሃን ክርስቶስ ክኣቱ ስለ ዘይነፍቅድ እዩ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ቂምታ ኣብ ጽልኢ እንነብር። ሰንበት ዘብርሃን እምብኣር ነቲ ጸልማት ጥራሕ ወሪስዎ ዘሎ ሕይወትና ብርሃን ክርስቶስ ክኣትዎ እነፍቅደሉ ሰንበት እዩ።

ቃል ኣምላኽ ንሎሚ ዝተነበና ኣብ ልብና ከምብርሃን ኣትዩ ክንርኢ ዝሕግዘና ካብ ወምጌል ማቴዎስ ዝተወስደ እዩ። ዮውሓንስ መጥምቅ ፈተውራር ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝኾነ እሞ ንሰባት ነቲ ብርሃን ዓለም ዝኾነ ክርስቶስ ኣብ ሕይወቶም ክቕበልዎ ዓው ኢሉ ዝነግር ከምዝነበረ ይነግረና። ንሱ ንመስሕ ነቲ ኣብ መንግኦም ዘሎ ከለለይዎ ዘይኽኣሉ መስሕ ክፈልጥዎ ከለይዎ ርእዮም ክኣምንዎን ክቕበልዎን ከምዝመጸ ይነግረና። ኢየሱስ በይሁድ ክልለ ኣይተኻእለን ምኽንያቱ ከም ትጽቢቶም መስሕ ብሃንደበት ካብ ሰማይ ድዋዕዋዕ እናበለ ከም ዝመጽእ እሞ ንኹሎም ጸላእቲ እስራኤል ከምዝጥፍኦም እዩ ነሩ ትጽቢቶም። ብኣንጻሩ ኢየሱስ ካብ ሰበይቲ ተወሊዱ ከምኩሉ ሰብ ኮይኑ መጺኡ ካብ ሰባት ዝፈልዮ ሓንቲ ነገር ኣይነበሮን። ንሱ ነቲ ዝነበሮም ትጽቢት ዘማልእ ኣይነበረን።

ዮውሓንስ እምብኣር ነዚ ክቕይር ኣብ ኣብረኻ እናሰበኸ ኩሉ ክበራበር እናጸውዐ መጺኡ። ኩሉ ኩነታቱ ፍሉይ እዩ ነሩ ፍሉይ ድምጺ ሒዙ ብሩህ ገጽ ዘልኦ ኮይኑ ንኹሎም ዝመጽእዎ ዝነበሩ ክሳብ ክንደይ ተበላሽዮምን ክሳብ ክንደይ ክንስሑ ከምዘልኦምን ይነግሮም ነሩ። "መንግስተ

ሰማያት ቀሪባ እያ እያ እሞ ተነስሑ፥ ጎደና እግዚአብሔር ጽረጉ መገዱውን አቕንዑ” እናበለ ይዛረቦም ነሩ። ብናይ ንስሓ ጥምቀት እናአጠመቐም ኣዒንቶም ነቲ ምእንትኦም ክመጽእ ዘለዎ ጎይታ ብተስፋ ከምዝርእዩ ገርዎም።

ኣብቲ ቀንዲ ስብከት ዮውሓንስ እንተ ርአና ንሱ ነቲ ኣብ መንግኦም ዘሎ ኣምላኽ ርእዮም ክኽእሉ እምበር ንምጽኣት መስሕ አይ ኮነን ዝሰብኮም ዝነበረ። ዮውሓንስ ነቲ ኣብ ማእከሎም ዘሎ ኢየሱስ ክርእይዎ እሞ ነቲ ንሱ ዝሰምኮ ሰናይ ዜና መንግስቲ ኣምላኽ ዘምጽኦ ክቕበልዎ እዩ ዝጽውዖም ዝነበረ። መልእኽቲ ዮውሓንስ ብግሩህ መገዲ ኢየሱስ ክልለን ክንቅበሎን ኣይንኽእል ኢና ምኽንያቱ ሒዝናዮ ዘሎና መገዲ ሕይወትና ዝዕንቅፍ ጎቦታት፥ ሸናጥሮን ጥውጥዋይን መሊእዎ ስለ ዘሎ።

እዚ ኩሉ ጸገማት መሊእዎ ኣብ ጸገም ዘሎ ልቢ ነፍሲ ወከፍና እዩ። ነፍሲ ወከፍና ኣብ ውሽጢ ልብና ኣቲና ነቲ ካብ ክርስቶስ ኣርሒቑ ንብርሃኑ ከይንርኢ ዓጊቱ ሒዙና ዘሎ ኣለሊና ክንረልጥ ይግብኣና። ንመገዲ ክርስቶስ ከይንሕዝ ኣብ ዓዘቕቲ ቂምታ ጽልኢ ክፍኣት ክነብር ከም ካትራመ ኣጥቢቑ ሒዙና ዘሎ ኃጢኣት ርኢና ክንክእል እሞ ክንሳሕ ክንቕየር ኣብ ብርሃን ክንመላለስ ንሕተት ኣሎና። ነፍስወከፍና ሕይወትና ክንርኢ ክንክእል እንተ ኽእልና ካብ ካልኦት ፍሉያት ዝገብረና ድኽመት ኣሎና ገለ ናይ ሓሶት ዝንባሌ፥ ገለ ናይ ሕመታ፥ ገለ ናይ ቂምታ፥ ገለ ናይ ስርቂ፥ ገለ ናይ መስተ፥ ገለ ናይ ዝርጋን ገለ ዘይምምሓር፥ ገለ ጸሎት ገርካ ዘይምኽኣል . . . እዝን ካልእን ንሕይወትና ጥውጥዋይን ዘደናግርን ይገብሮ። ዮውሓንስ ነዚ ክንቅይር እንተ ደለና ሰለስተ ነገራት ይሕብረና፥ ኃጢኣትካ ተቐቢልካ ምኽኣል ማለት እዚ ኃጢኣተይ እዩ ኢልካ ምኽኣል ምእማን፥ ንንስሓ ዝበቅዕ ፍረ ምግባር፥ ከምኡ ደቂ ኣብርሃም ኢና ኣይትበሉ ንኣብርሃምስ ኻብዘን ኣእማን እዚኣን ውሉድ ኬተንሥኣሉ ንኣምላኽ ከም ዝክኣሎ እብለኩም ኣሎኹ ይብል። ዓለትና ስድራና ከምኡ ባህልና ንድሕነትና እኹል ኣይኮነን ኣምላኽ ግላዊ ሕይወትና እዩ ዝግድሶ።

ኣብ ዘመና ንብዙሓት ከቢዱ ዘሎ ክርስትናና ባህላዊ ወይ ግዳማዊ ምዃኑ እዩ። ብዙሓት ዝተጠምቁ ክርስትያን ጌና ኣይተቐየሩን ኣለዉ ከምኡ ኢሎም ከአ ይነብሩ። ሱቕ ኢልካ ትነብር ኣብ ጥምቀት ኣብ ሞት ኣብ ዓበይቲ ጉዳያት ጥራሕ ንኣምላኽ ንደልዮ እዚ ሕይወት ዘለዎ ክርስትና ኣይኮነን። ብዙሓት ብስም ተጠምቁ ዝተቐብኡ መጀመርያ ቅዱስ ቊርባን ብስም ገበሩ እኹሉ ኮይኑ ዝስምዖም ኣለዉ፥ ከምኡ ኣብ ቤተ ክርስትያን መጺኦም ከይቆረቡ እንተ ኸዱ እኹል ኮይኑ ዝስምዖም ኣለዉ። ልክዕ ከምዚ እዮም ገሮም እቶም ኣብ ጊዜ ዮውሓንስ ዝነበሩ ኣይሁድ። ካብ ዓለት ኣብርሃም ምምጽኦም ደቂ ኣምላኽ ዝገብሮም ይመስሎም ነሩ፥ ንሕና ደቂ እቲ ሕሩይ ዝኾነ ህዝቢ ኢና እናበሉ ዘይቅኑዕ መገድን ርድኢትን ሒዞም ይነብሩ ነሮም። ዮውሓንስ ነዚ ሓዲጎም ኣብ ሓቀኛ መገዲ ክምለሱ ይነግሮም ነሩ። ሎሚ ኣምላኽ ምስ ንነፍስ ወከፍና ብግልና ምስኡ ርክብ ክንፈጥር ይደልየና ኣሎ እምነት ወለድና ኣይኮነን ዘድሊ ዘሎ (ሕዝ 18፡1-4)፥ ከምኡ ናይ ኣዕሩኽና እምነት ኣይኮነን ዘድሊ ዘሎ (ማቴ 25፡1-13)፥ ከምኡ ምስጢራት ብዘይ ዓሚቕ እምነት ወይ ሱቕ ኢልካ ብልምዲ ብስም ተቐበልካ ድሒንካ ማለት ኣይኮነን። (ማቴ 7፡22-23)።

ብኃጢኣትካ/ኪ ምእማን። እዚ እቲ ናይ መጀመርያ ደረጃ ኣብ ንስሓ ምግባር እዩ፥ ብቅንዕና ንኃጢኣትካ ምቕባል። እዚ ክንገብር ድሕሪ ክኢልና ሓላፍነት ናይ እቲ ዝገበርናዮ ኃጢኣት ንቕበል ኣሎና ከምኡ በቲ ዝገበርናዮ ክንጥዓስ ጀሚርና ኣሎና ማለት እዩ። ኣብዚ ክንርድኦ ዘድሊ ነገር ኣሎ ምንዛዝን (Confession) ምንሳሕን (Repentance) በበይኑ እዩ። ብዙሓት ብዛዕባ ምንሳሕ ክዝረብ እንከሎ ከም ኑዛዜ ገሮም ይርድእዎ ወይ ይወስድዎ። ንዮውሓንስ እዚ ብዛዕባ ብኃጢኣትካ ምእማን ናብ ምንሳሕ ኃጢኣት ገጹ ዝወስድ ኣብ ግብሪ ክነውዕሎ እንተ ኾና

ናብ ኃጢአት ገጹ ዝወስደና ዝኾነ አፍደገ ምዕጻው፥ ነቲ አብ መንጎናን አብ መንጎ አምላኽን ዘሎ ጋግ ምምልኡ፥ ንሕይወትና አብ ስሩዕ መገዲ ሰሪዕና ካብ ዝኾነ ኃጢአት ምርሓቕ እዩ።

ንንስሓ ዝበቅዕ ፍረ ግበሩ (ከም ዝተነሳሕኩም መረጋገጺ አቕርቡ)። እዚ ክብሃል እንከሎ ዓወት አብ ልዕሊ ኃጢአት ብዘይ ጭቡጥ መረጋገጺ ብአፍካ ተነሲሐ ምባል እኹል አይኮነን። ንአብነት ቀደም ተባኣሳይ ነረ ሕጂ ግን ምስ ኩሉ ሰላም እየ ምባል ተድሊ። ነቢይ ኢሳያስ አብ ሕይወት ሰባት ክርአ አምላኽ ዝደልዮ ክገልጽ ኢሉ ከምኡ እቲ ዝመጽእ መስሕ ዘምጽኦ ለውጢ ክነግር ኢሉ ከምዚ ይብል “ተኹላ ምስ ዕየት ክሰፍር እዩ፥ ነብሪ ኸአ ምስ ማሕስእ ክድቅስ እዩ፥ ምራኽን ኰርኹር አንበሳን ብሓንሳእ ክበልዑ እዮም፥ ንእሽቶ ወዲ እውን ክጓስዮም እዩ። ላምን ድብን ብሓደ ወፈረን ክበልዓ፥ ወለልደን ከአ ብሓደ በጥ ክቡሉ እዮም፥ አንበሳውን ከም ብዕራይ ሓሰር ኪበልዕ እዩ፥ ዚጠቡ ሕፃን አብ ጥቓ እንዳ ተመን ክጻወት ጎዳግ ጡብ ድማ ኢዱ አብ ጕፍጓድ ከይሲ እናእተወ ኺጻወት እዩ” (ኢሳ 11፡6-9)። እዚ ኹሉ አብ እዋን ምጽአት አብ ዘሎናዮ እዋን አብ መን ሰባት ዝኾነ ዘይፍታሕ ጸገም ከምዘየሎ ክረድእ ኢሉ፥ አብ ኩሉ ዝኾነ ጽልኢ አብ መንጎ ከምዘይ ህሉ፥ ዝኾነ ፍልልይ፥ ቅርሕንቲ፥ ምጥፍፋእ ከምዘይ ህሉ ንምግላጽ እዩ።

ክትንሳሕ ክትቅይር ቀሊል አይኮነን እንተ ኾነ ካብ አምላኽ ርሒቕካ አብ ስቓይ ምንባር ከአ ጽቡቅ አይኮነን። ቅሳነት እውን አይህበናን እዩ ብዓቢኡ ካብ አምላኽ ምፍላይ ሞት እዩ። እዚ ጸልማት ዝኾነ ሕይወትና ክንቅይሮ ሎሚ አምላኽ ዕድል ይህበና አሎ። ንዝዓበየ ጸጋ አምላኽ ንምቕባል ንሕይወትና ብድፍረት ክንስዕሮ ይግብአና። ንርእሱ ክስዕር ዝሸአለ ጥራሕ እዩ ክንሳሕ ዝኽእል እሞ ንርእስና ንስዓሮ ሽዑ ነገራት ክቕየሩ ዓለምና ሰላም ክነግሶ እዩ።

ፍረ ንስሓ ፍቕሪ ሰላም ቅሳነት እዩ። ዝተነስሐ ሰብ አብ ውሽጡ ሰላም ሕድገት ሓጎስ አልኦ። ዝተነስሐ ሰብ ምስ ካልኦት ክዕረቕ ሰላም ክገብር አይከብዶን እዩ። አብ ገለ እዋን ሰባት ዕርቂ ዝአብዩ ክንስሑ ስለ ዘይከአሉ ጥራሕ እዩ። ንስሓ አብ ፍቕሪ አብ ሕድገት አብ ሰላም እዩ ዝወስደና።

መሓሪ አምላኽ ስለ ዝምሕረና ንሕና ኸአ ክንምሕር ክነፍቅር አይከብደናን እዩ። ምስ አምላኽ ዘሎና ርክብ እምብአር አብ ስሩዕ ዝኾነ ሕይወት ክንመርሕ ዓቢ ተራ አለዎ። ስለዚ ሎሚ ንአምላኽ ልብና ክነፍቅደሉ ጩራ ብርሃን ምሕረቱ አብ ልብና ክአቱ ባብ ልብና ንኽፈተሉ። “ምሓሩ ክትምሓሩ” ኢሉና አሎ።

ቀንዲ ትሕዝቶን መልእኽትን ናይ ሎሚ ንባባትና እምብአር፥ “እቲ እዋን በጺሑ እዩ፥ መንግስቲ አምላኽ ከአ ቀሪባ እያ እሞ ተነስሑ ብወንጌልውን እመኑ” (ማር 1፡15) ዝብል እዩ። አብ ልብና እትው ኢልና ንርአ እሞ ነቲ ካብ ፍቕሪ አምላኽን ካብ ከማና ሰብ ዓጊቱና ዘሎ ደርቢና ደቂ ብርሃን ደቂ ክርስቶስ ንኹን።

ማርያም አደ ብርሃን ንብላ አብ ጸሎትና “ዓንቀጸ ብርሃን” ንብላ ምኽንያቱ መጀመርያ ብርሃን ክርስቶስ ዝተቐበለት ንሳ እያ፥ ናይ ብርሃን ጣእምን ጥቅምን ዝያዳ ኩሉ ዝተረድአት ስለ ዝኾነ አብ አደ ብርሃን ቀሪብና ነቲ ንስኺ ዝተቐበልክዮ ዝረአኽዮ ብርሃን ወድኺ ክንቅበል ሓግዝና ጸልይልና ንበላ። ብርሃን ወደይ ክትርእዩ “ንሱ ዝበለኩም ግበሩ” “ንሱ ዝደልዮ ግበሩ” ትብለና አላ እሞ፥ ንሱ ዝደልዮ ንስሓ፥ ፍቕሪ ሰላም፥ ሕድገት ክንገብር እዩ፥ ነዚ የብቅዓና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ